falun.se/



# ሓድሽ ኣመለኻኽታ ምብጽጻሕ ናብ ቤ/ት

ኣብ ጽድያ ነቶም ኣብ መሰረታዊ ቤት ትምህርቲ(ካብ 1ይ ክሳብ 9ይ) ዝኸዱ ተምሃሮ ምብጽጻሕ ናብ ቤት ትምህርቲ/ናይ ኣውቶቡስ ካርድ ብዝምልከት ሓድሽ ኣመለኻኽታ ክተኣታተው እዩ።እታ ሞግዚት ኣብ ዌብሳይት ናይ'ቲ ንኡስ-ዞባ ኣብ ዘሎ ኢንተርነታዊ ኣገልግሎት ኤ-መንነት(ኤሌጊቲማሹን) ተጠቂማ ብምእታው ተመልክት። ኤ-መንነት እንተ ዘይብላ ኣብ'ቲ ናታ ባንክ ከይዳ ተውጽእ።

እዚ ነቶም ድሮ(ኣብ'ዚ እዋን'ዚ) ናይ ኣውቶቡስ ካርድ ወይ መበጻጽሒ ቤ/ት ዘለዎም ቈልዑ እውን ይምልከት እዩ።እዚ ሓድሽ ኣመለኻኽታ ነቶም ኣብ ፍሉይ ቤት ትምህርቲ ዝኸዱ(ሰርስኮላ) ወይ ኣብ 2ይ ደረጃ ቤ/ት ዝመሃሩ ኣይምልከቶምን እዩ።

ኩለን ኣብ ዞባ ዳላርና ዝርከባ ንኡሳን ዞባታት ናይ ኣውቶቡስ ካርድን ምብጽጻሕ ናብ ቤ/ት ብዝምልከት ዕዮታተን ኣድማዒ ንኽኸውን ምስ ዳላትራፊክ ሓቢረን ክሰርሓ ካብ ዝጅምራ ድሮ ነዊሕ ግዜ ገይሩ'ዩ።ገለ ካብ'ቶም ዕላማታት ናይ'ዞም ሓደስቲ ለውጥታት፡ ዝሓሸ መደባት ኣውቶቡስ ብምውጻእ ኣብ ልዕሊ ከባቢ ዝህሉ ሃሳዪ ጽልዋ ንምቕናስን ወጻኢታት ገንዘብ ንምቑጣብን'ዩ።

ከመይ ገይርኪ ከም ተመልክቲ ዝብል ሓበሬታ እቲ ምምልካት ቅድሚ ምጅማሩ ኣቐዲሙ ክወሃበኪ እዩ።ካብ ሕጂ ጀሚሩ ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም ንመራኸቢ-ማእከል(ኮንታክት ሰንተር) ብኢሜል ገይርኩም ተወከስዎ።

**023-830 00**
**kontaktcenter@falun.se**

**falun.se/skolskjuts**

Falu kommun
Barn- och utbildningsförvaltningen
023-830 00

FALUN